# ዝኽሪ 20 ሰነ ዕለተ ሰማእታት ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ተኸቢሩ

ብዕለት 20.06.2013 ኣብ ማሕበረኮም ከተማ ሃምቡርግ ዝኽሪ 20 ሰነ ዕለተ ሰማእታት ኤርትራ ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ብዙሓት ሃገራውያን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብኽብሪ ተዘኪሩ

ነዚ መቐጸልታ ብምግባር ድማ ነታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ 10.2012 ዝተተኽለት ገረብ ስዉኣት ብወግዒ ንምምራቕን ጀጋኑ ስዉኣትና ንምዝካርን ብዙሓት ህጻናት ከምኡውን መንእሰያትን ዓበይትን ኣብ Winterhuder Stadtpark ተረኺቦም ሽምዓ ብውላዕ ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ወግዓዊ ምምራቕ ገረብ ስዉኣትና ተኸቢሩ

ተኻፋልነት ብዝሒ ኤርትራውያን ኣብቲ ዝተገብረ መመረቕታ ገረብ ስዉእ ብጣዕሚ ብዙሕ ኔሩ ብቁጽሪ ክርኣ ከሎ ሕጻናትን መንእሰያትን ካብቶም ዓበይቲ ተኻፈልቲ ንላዕሊ ብዝሒ ኔሩዎ

ተኻፈልቲ ኣብቲ ዝተዳለወሎም መዝገብ ( Eintragungsbuch / Registration book ) ኣስማቶምን ክታሞምን ብምስፋር እቲ ኣገባብ ወግዓዊ መመረቕታ ገረብ ስዉእ ብኽብ ዝበለ ምዕሩግ ኣገባብ ተዛዚሙ

ብኣጋጣሚ 20 ሰነ ብተሳተፍቲ መደብ መዓልቲ ሰማእታት ዝተዋጽኤን ዝተወፈየን ብድምር € 650 (ኦይሮ) ናብ ማዕከን ሰማእታት ኣበርክቱ።

ዓወት ንሓፋሽ

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ሞገስን ነዚ ብርሃን ዘርኣዩና ጀጋኑ ሰማእታትና

ማሕበረ ኮም ከተማ ሃምቡርግ

ሽማግለ መኸተ ከተማ ሃምቡርግ

ሽማግለ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ሃምቡርግ

ሽማግለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ከተማ ሃምቡርግ ዕለት 20.06.2013